Region Gävleborg

**Smittskydd**

Smittskydd = ምክልኻል ላብዕ

ጥቅምቲ 2026

**ሰላም!**

ጸረ ኮቪድ-19ን ኢንፍሉዌንዛን ክትክተብ ግዚኡ ኣኺሉ እዩ። ብዛዕባ እቶም ክታበታት ኣገዳሰቲ ሓበሬታ ክንህበካ ንደሊ።

ክታበታት ካብ ተላባዕቲ ሕማማት ዝከላኸሉ ኾይኖም፡ ሓደ ካብ'ቶም ውጽኢታውያን ወፍርታት ህዝባዊ ጥዕና እዮም - ድሕሪ ጽሩይ ማይ ካላእይ እዩ ዝስራዕ። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ሽወደን ልሙዳት ዝነበሩ ብዙሓት ሕማማት፡ ሳላ ብዙሓት ሰባት ዝተኸተቡ ሕጂ ዳርጋ የለውን። (ምንጪ: ምምሕዳር ህዝባዊ ጥዕና).

ኮቪድ-19ን ኢንፍሉዌንዛን ብቐሊሉ ዝዝርግሑ ኮይኖም ረስኒ፡ ሰዓልን ቃንዛ ኣካላትን ከስዕቡ ይኽእሉ። እቶም ሕማማት ንገሊኦም ከበድቲ ክኾኑ ይኽእሉ። ብምኽታብ ነቲ ናይ ከቢድ ሕማም ስግኣት ትቕንንሶ - ክታበት ሂወት የድሕን እዩ።

**ክታበት ጸረ ኮቪድ-19ን ጸረ ኢንፍሉንዛን ካብ ዕለት 2 ሕዳር ክጅምር እዩ።**

- **75 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ድዩ ዕድመኻ?** ጸረ ኮቪድ-19ን ኢንፍሉዌንዛን ክትክተብ ለበዋ ይግበረልካ።
- **65–74 ዓመት ዕድመኻ?** ጸረ ኢንፍሉዌንዛ ለበዋ ይግበረልካ።
  ኮቪድ-19-ክታበት ኣብ ስግት ዘለው ጉጅለ ምስ እትኸውን ጥራይ እዩ ዝወሃብ።
- **KOL/ሕዱር ንመታሓላልፎ ዝዓግት ሕማም ሳምቡእ፡ ሕማም ሽኮር ፡ ሕማም ልቢ** (ልዑል ጸቕጢ ደም ጥራይ ዘይኮነ) ካልእ ብኸቢድ ክትሓምም ናይ ስግት ሮቛሒ ኣለካ ድዩ? ክልቲኡ ክታበታት ለበዋ ክግበረልካ ይከኣል እዩ። ኣብ 1177.se/Gavleborg ዝያዳ ኣንብብ።
- **ነፍሰ ጾር ድሕሪ መበል 12 ሰሙን?** ናይ ኢንፍሉዌንዛ ክታበት ንኽትወስዲ ለበዋ ይግበረልኪ።
  እቲ ክታበት ንዓኽን ነቲ ህጻንን ይከላኸል እዩ።

በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ኢኻ ትኽተብ፡
- ቆጸራ ብዲጂታል ሓዝ።
- ናብ ናይ ብዘይ ቆጸራ ክታብ/drop-in-vaccination ምጻእ።
- ብቁዕ መለለይ ሒዝካ ምጻእ።

ብቐዳምነት ኣብ'ቲ ዝምልከትካ ማእከል ክንክን ጥዕና ተኸተብ። ቆጸራ ንምሓዝ ሓገዝ የድልየካ ድዩ? ናብ'ቲ ዝምልከተካ ማእከል ክንክን ደውል።

ብዛዕባ እቶም ክታበታት ኩሉ ሓበሬታታ (ብቋንቋ ሽወደን): 1177.se/Gavleborg

**ብደሓን ምጻእ!**

ሰናይ ሰላምታ
ሳህ ጃላል፡ ሓኪም ተላባዒ ሕማማት፡ ኣውራጃ የቭለቦርይ
ማርያ ኑርድስቶም፡ ኣወሃሃዲት ክታበት፡ ኣውራጃ የቭለቦርይ